# ሕጋጋት ቤት ጽሕፈት ዕዮ ሰያትል 2017

ተልእኾ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሰያትል ንደረጃታት ዕዮ ብዝረቐቐ ናይ ማሕበረ-ሰብን ንግድን ምትሕግጋዝ፣ ብስትራተጂካዊ ኣተገባብራን መሃዚ መምርሒ ብምምዕባልን ንዓሌትን ማሕበራዊ ፍትሕን ቀላሕታ ከም ዝገብር ጌርካ ንምምሕያሽ እዩ።

እዚ ፖስተር'ዚ ኣብ ዝረአን ብቐሊሉ ክርከብ ዝከኣለሉን ናይ ስራሕ ቦታ ብቋንቋ እንግሊዝን ካልኦት ሰራሕተኛታት ዝዛረብሎም ቋንቋታትን ክልጠፍ ኣሎዎ።

## SMC 14.19
## ዝተሓተ ደሞዝ

### ንሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ወሰን ይገብር

**ዓበይቲ ኣሰራሕቲ**

(501 ወይ ካብኡ ንላዕሊ)

እቲ ኣሰራሒ ናብቲ ናይ ሰራሕተኛታት ሕክምናዊ መድሕን የበርክት ድዩ?

| ኣይፋል | እወ |
|---|---|
| $15.00 ንሰዓት | $13.50 ንሰዓት |

**ነኣሽቱ ኣሰራሕቲ**

(500 ሰራሕተኛታት ወይ ካብኡ ንታሕቲ)

ኣሰራሒ ንሕክምናዊ ሓለፋታት ሰራሕተኛ እንተ ወሓደ ንሰዓት $2.00 ይኸፍል'ዶ ከምኡ'ውን/ወይ ድማ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓት እንተ ወሓደ $2.00 መቕሽሽ ይረክብዶ?

| ኣይፋል | እወ |
|---|---|
| $13.00 ንሰዓት | $11.00 ንሰዓት |

**ዕብየት ኣሰራሒ**

ዓለም ለኸ ድምር ሰራሕተኛታት ናይ ኣሰራሒ ቁጽር። ንናይ ፍረንቻይዝ ትካላት ብዝምልከት ንኩሎም ኣቶም ኣብቲ ናይ ፍረንቻይዝ መርበብ ዝሰርሑ ሰርሕተኛታት ቁጽር።

**ሕክምናዊ ረብሓ**

ሰራሕተኛ በቲ ኣፎርዳብል ከየር ኣክት ዝብል ናይ ፈደራል ሕጊ ብደረጃ ብሩር ወይ ልዕሊኡ ዝምዘን መድሕን ክምዝገብ ኣሎዎ። ሰራሕተኛ ናይ ሕክምና መድሕን ምስ ዘይደሊ ወይ ንሕክምናዊ መድሕን ብቑዓት ምስ ዘይህልዎ ኣሰራሒ በቲ ዝወሓደ ትሑት ደሞዝ ክኸፍሎ ኣይግባእን።

## SMC 14.20
## ቅጥፈት ደሞዝ

### ናይ ደሞዝ ቅጥፈት ከየጋጥም መከላኸሊ ይገብር

ኣሰራሕቲ ኣብ ስሩዕ መዓልቲ ደሞዝ እቶም ሰራሕተኛታት ዝእውዱዎ ኩሉ ክኸፍሉ፣ ንሰራሕተኛታት ድማ ብዛዕባ ሰራሖምን ክፍሊቶምን ዝገልጽ ሓበሬታ ብጽሑፍ ክህቡዎም ይግባእ።

**እቲ ጽሑፍ ሓበሬታ ክሕዞ ዝግባእ፡**

- ስም ኣሰራሒን ዝርከበሉ ሓበሬታን፣
- ኣሰራሒ ዝኸፍሎ መጠን፡ ዝያዳ ሰዓታት ሰሪሕካ ክትክፈል ዘብቅዕ መዓቀኒ፡ መሰረት ኣከፋፍላ (ብሰዓት፡ ብሺፍት፡ መዓልቲ፡ ሰሙን፡ ኮሚሽን) ከምኡ'ውን ምጹብ መዓልቲ ደሞዝ፣
- ናያ ኣሰራሒ መግለጺ ናይ መምርሒ መቕሽሽ ኣከፋፍላ ፣
- ኣብ መዓልቲ ደሞዝ ናይ ዝኽፈልዎ ዝርዝር መግለጺ።

**ኣብነታት ናይ ኣከፋፍላ ረጀሒታት፡**

- ዝተሓተ ደሞዝ ክፈል
- ደሞዝ ተወሳኺ ሰዓታት ስራሕ ክፈል
- ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ሃብ
- ዝተሰማማዕካሉ ክፍሊት ክፈል
- ድሕሪ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንዝተሰርሐ ክፈል
- ዝተኣከበ መቕሽሽ ክፈል
- ወጻኢታት ኣሰራሒ ተክእ ወይ ከሓስ
- ንሰራሕተኛታት ብልክዕ ሰርዕዎም፡ ከም ውልቀ-ተኹናተርቲ ጌርኩም ኣብ ዘይመደቦም ኣይትሰርዕዎም።

## SMC 14.17
## ርትዓዊ ዕድላት ስራሕ ምርካብ

### ናይ ገበን ክሲን ታሪኽ ማእሰርትን ኣጠቓቕማ ይድርት

**ክልኩል**

- ሰኑድ ናይ ገበን ክስን ማእሰርትን ንዘውሎዎም ኣመልከትቲ ዘግልል ናይ ስራሕ መቃልሒታት።
- ኣሰራሒ ኣቐዲሙ ናይቲ ኣመልካቲ ብቕዓት መምዩ እንተ ዘይኩይኑ ናይ ገበን ክሲን ማእሰርቲን ታሪኽ ዝሓትት ናይ ስራሕ መመልከቲ መሕትት።
- ኣብ ታሪኽ ማእሰርቲ ጥራሕ ብምምርኳስ ስራሕ ምኽልካል (ወይ ካልእ ዘይተደልየ ምስ ምቑጻር ዝተተሓሓዘ ስጉምቲ ምውሳድ)

ሓድሓደ ፍሉይነታት ከም ምስ ትሕቲ 16 ዓመት ዕድመ ዘሎዎም ቆልዑት ብዘይ ተቖጻጻሪ ምርኻብ ወይ ናይ ምዕባለ ስንክልና ዘሎዎም ሰባት ወይ ብቐሊሉ ክጉድኡ ዝኽሉ ዓበይቲ ክህልሉ ይኽእል።

**ኣሰራሕቲ ነዚ ዝስዕብ ክገብሩ ይግባእ**

ነቲ ዝተሓተ ረጀሒታት ዘማልኡ ኣመልከትቲ ክሳብ ዝምመ ነቲ ናይ ድሕረ-ባይታ ሕቶ ከደናጉዩዩ።

ኣብ ገበናዊ ድሕረ-ባይታ ብምምርኳስ ዘይተደልየ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድ ዝስዕብ ኣገባብ ክኽተሉ፡

- ➢ ብዛዕባቲ ገበናዊ ድሕረ-ባይታ ዝተረኽበ ሓበሬታ ክገልጹ ዕድል ምሃብ።
- ➢ ነቲ ናይ ስራሕ ቦታ እንተ ወሓደ ንክልተ መዓልታት ክፉት ኩይኑ ክጸንሕ ምግባር።
- ➢ እቲ ሰብ ምስ ዝቑጸር ነቲ ትካል ከብጽሓሉ ዝኽእል ጉድኣት ወይ እቲ ሰራሕተኛ ኣብቲ ስራሕ ዝህልዎ ናይ ዓቕሚ ጸገም ዝተተሓሓዘ ብቑዕ ትካላዊ ምኽንያት ምቕራብ።

## SMC 14.16
## ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ድሕነትን ግዜ

### ንሕክምና ወይ ድሕነት ኩነታት ዝጥቀመሉ ግዜ ክኽፈል ይጠልብ

ኣሰራሕቲ ንሰራሕተኛታት ንባዕላቶም ይኹን ንኣባል ስድራ ቤቶም ዝከናኸኑሉ ክፉል ፍቓድ ክህቡ ይግባእ።

**ብሕማም ግዜ ዕረፍቲ፡** ኣካላዊ ወይ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኩነት ናይ ሓኪም ቊጸራ ዘጠቓለለ

**ናይ ድሕነት ግዜ፡** ምስ ናይ ቤተ-ሰብ ናዕቢ፡ ግብረ-ስጋዊ መጥቃዕቲ፡ ምክትታል ወይ ካልእ ማሕበራዊ ናይ ድሕነት ሕቶታት ዝተተሓሓዘ።*

**ዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ድሕነትን (PSST) መጠን**

| | መደብ 1 | መደብ 2 | መደብ 3 |
|---|---|---|---|
| ዓቐን ኣሰራሒ<br>ዓለም ለኻዊ (ምሉእ ሰዓታት ዝሰርሑ-ምሰዝ) | ካብ 4 ክሳብ 49 (ምሰዝ) | 50-249 (ምሰዝ) | 250+ (ምሰዝ) |
| ውህሉል PSST<br>ብዝተሰርሐ ብዝሒ ሰዓታት | 1 ሰዓት ኣብ 40 ሰዓታት | 1 ሰዓት ኣብ 40 ሰዓታት | 1 ሰዓት ኣብ 30 ሰዓታት |
| ምጥቃምን ምምሕላፍ ዘይተወስደ PSSTንን<br>ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት | 40 ሰዓታት | 56 ሰዓታት | 72 ሰዓታት** |

*ናይ ድሕነት ግዜ ንመናብርቲ ንምክንኻን እውን ከገልግል ይኽእል።

**ንዝኽፈል ናይ ዕረፍቲ ግዜ መምርሒ ዘሎዎም ናይ መደብ 3 ኣሰራሕቲ 108 ሰዓታት።

**ኣሰራሕቲ በዚን ሕግታት ክቐየዱ ይግባእ። መልሰ-መጥቃዕቲ ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ።**

ናይ ዝጦሓሱ ጸብጻብ ኣቕርብ

ጥርዓንኩም ናብ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ኣመዝግቡ
-ወይ-ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ወይ ድሕሪ

- 1 ሚያዝያ 2016 ን350 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰራሕተኛታት ዘሎዎም ኣሰራሕቲ
- 1 ሚያዝያ 2017 ካብ 50 ዝወሓዱ ሰራሕተኛታት ንዘሎዎም ኣሰራሕቲ ክሲ መስርቱ*

* ክስታት ንዝተሓተ ደሞዝ፡ ንቅጥፈት ደሞዝን ንዝኽፈሎ ናይ ሕማምን ድሕነትን ግዜ ክምስረት ይከኣል

**ምስጢራውን ነጻን ኣገልግሎት**

- ናይ ጥርዓናት መርመራ
- ርክብ ምስ ሰራሕተኛታት
- ተክኒካዊ ደገፍ ንሰብ ንግዲ
- ምንጪ ሓበሬታን ውከሳን ብቓልን ብጽሑፍን ምትርጓምን ንፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ሓገዝን ነቕርብ

**(206) 684-4500**

Seattle.gov/labor standards

**OFFICE OF LABOR STANDARDS** 810 THIRD AVE, 3RD FLOOR, SEATTLE, WA 98104 (206) 684-4500 LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV HOURS: 8 AM-5 PM